# "ወዲ ሑመራ" ኣይኮንኩን!

ጽራይ ወርቂ

"ሰብ ዲኻ ተፈናቓላይ" ቢሎም ምስ ሓተቱኒ ልሳነይ ክሳብ ዚለኣም ደንጊጸ፣ ፈሪሐ 'ውን ከብደይ ምስተሓዋወሰ ከመይ ቢለ "ሰብ ኢየ" እናበልኩ ከም እተማጐትኩ ኣዱፍለጠንን። መጐተይ 'ውን ኣእዳው ቀተልቲ ኣብ ክሳድካ ሴፍ ጨቢጠን እናሓንሓናልካ እንከለዋ ዚመስል ቃል ጻዕረ ሞት ከይኮነ ኣዱቐርን።

ወይሌ! ሰብነት ደኣ ኣይረሳዕናዮን ዲና፤ እንታይ ኢዩ እቱ ኣንደበተይ ርትዕት 'ኮ ሰኣንኩሉ ኣነ'ስ "ህበይ'ስ ትልወጥ 'ኳ" ኣይበልኩን ድየ፤! "ሥድራ ኸ" እንተተብሃልኩ'ስ "ሥድራይ ህዝቢ ምዕራብ" ቢለ 'ንዶ።!

...

ሰብ: ሎም ገና ወዲ ዕሥራታት ከሎኹ: እቶም ኣብ ገድሊ ትግራይ ዘሕለፍክዎም ግዜታት ከም 'ዙ "ትማሊ....ትማሊ" ዝኾኑ መሲሉ እናሓሰብክዎም'ስ፤ ካብ ምዕራብ እንካብ ዝወፅእ ግን ኣማኢት ዓማውቲ ዝገበርኩ መሲሉ ዚስመዓኒ: ማቱሳላ ኰይነ| ግድለይ ምስ ተፈጥሮ እንካብ ዚኾን ንደኃር ምስ ግዜ 'ውን ተፃሪረ ፣ተጻሊአ፣ ተሓናፊጠ፣ሕቶ ተሓቲተ። 'ሞ ፀሓይ ኣብ ቅርቅርቲ ሰማይ ዜብርቕ ግዜ ደኣ ኣበይ ርእየ እፈልጥ፤ ሥ'ራሕ ሰብ ባሕሪኡ ኸ ከመይ ከየንደደኒ ኪተርፍ፤

...

ባእስና! ቈልዓ ከሎኹ: ስለ ቍልዕነት ከውግዕ ዝጀመርኩ ሰብ: ተዘክሮ እቱ ኣብ ማዕሙቕ ናጽነትን ሕንቃቐን ኣቲወ ን ሓቂ ተኣሚኑ ፣ ን ኽሥታቱ ተገዚኡ ዘስተማቐርክዎ ቍልዕነተይ: ብ እተፈላለዩ ሰንኪታት ኣንቃሒ ረኺቡ ኣዱፈልጥን። ሓደ ሻብ ግን እዝክር: ጓል ዓዲ ጐሹ ብጺተይ:

"መንዲል ኔራትኒ መንዲል ተፈታዊት ን ሓፍተይ ሂበያ: ሓፍተይ ተጋዳሊት" ዚብል ደርፊ ሕፃንነት: ኣስሚዓትን'ስ ቀጨውጨው ኣብ እተሰምዖ ኾነት ኣቲወ ነይረ። ሻቡ ንተሓላቐነተይ ኣዘኪራትኒ፣ን ናፍቈተይ ኣሣዊራትለይ፣ ነቕኒቓትኒ። ብ ዝሓለፈ 'ኳ ደዊላትለይ'ሲ "ከመይ እኒህኺ" እንተበልክዋ "ኣለና: ኣብ ውሽጢ ክዳን" ቢላትኒ። ክዳን ግን እንታይ ኢዩ ኣዐጊሥዎ፤ ዘይተሓተተ እንታዋይ: ኢዩ ኸ፤

...

ክልቴና: ን ባዕልና እንድዒ እምበር፤ ን ብዙሓት 'ደቂ ሑመራ' ኢና።

ካልእ ሰብ "ወዲ ሑመራ" እንኪብለካ ግን ደስ ኪብል። ብኡነት! ውሑዳት ዚቐርቡኒ ሰባት "ወዲ ሑመራ" እንትይብሉኒ ብ ኀኈት እምላእ ኢየ። ወዲ ሑመራ'ስ ብሥሩ ዚመጣጠና ዘይተረኽበላ: ትግራወይቲ ሳጓ ኢያ። ኣብ ሠገር-ተከዘ ምስ ምዕራብ ብዙሕ ዜብሉ ሰብ ኪጐነፈኒ እንከሎ ኢየ ግን ኣብ ዝባን ህንጡውነቱ ዝውንጣሕ። እሕንቅቐሉ፣ ስለሑመራ ብዙሕ እውግዐሉ። እማነይ! ደቂ ኣውራ 'ኮ ኣብ 'ቱ ሕፃንነትና "ሰብ ንሑመራ ከይዱ" እንተሰማዕና: ንሕና ናብ ዘይንፈልጣ ዱባይ ከም ዝኸደ ኢና እንሓስቦ ዝነበርና። ስለ 'ዚ ኸኣ ሑመራ ንኣይ: ኣብ ትግራይ ቅሻረታዊት ከተማ ኢያ እብል። ን ሕብሪ ጽባቒኣ፣ን ግርማኣ እትወዳደር መቐለ የላን። መቐለ ፋሕሻው!

ሎም 'ኳ ኣብ ዘዝኸድካዮ ወዲ ሑመራ እኒሆ። ምሳይ 'ውን ነቢራ።

ዓል ሑመራ ብጺተይ ን ጣይቀት ቤተ-ሰብ ሽረ በጺሓ ክትምለስ ልባ ሓሚማ: መንፈሳ ሰንኪሉ ነቢሩ። ሓልሓሊፎም ብ ሓይሊ እትግየጾም ሕንቅልሕንቅሊተይ ሠሓቓት ደኣ: ን ህላዌኣ ይሓስዉላ 'ምበር፤ ን ዘስተብሃላ ጭንቃ ተነባቢ ኢዩ ነይሩ። ኣነ ኸኣ: ወዲ ሑመራ ኢየ 'ሞ "ፊደላት ጭንቃ": ኣስተዋሒደ ደሃይ ኑባሬ ደቂ ዓደይ እሓታ። ስለ እቶም ምብላዕ ዝሓረሞም፣ ብ ሰንኪ ሰኣኖ ዘይምሱል ዝመሰሉ፣ ሕፃውንቲ፣ቈልዑን ዕሽላትን ተዕልለኒ: 'ፈሊጣ' ኢያ ግን፤ ብ ቈልዑ ከም ዘዬኽእለኒ ሓሲባ: ክተንብዓኒ እናደለየት እምበር። ዕር-ዒራኣ ክተቐንዝወኒ: ስለ እታ ደቃ እትዕንግሎም ጠፊእዋ ኣብ ሓጺን ማዕጾ ተሓኒቓ ዝተረኽበት ኣዶ ተውሥኣለይ። ኣዬከኣለንን! ካብ 'ዙይ ንላዕሊ ክሰምዕ: ዕርዲ ኣዬብለይን። ካበይ ኣምጺአዮ፤

…

ብጺት 'ኳ ዘባዕባዕ ትብለላ ኢያ ዋ: ወይከ ኣይሰምዓን ቢለ ዝመሓልኩላ ተኾታኹት ቀንሲ ደርፊ መኰንን እዝራ 'ሲ "መን 'ሎ ዘይተመልሰ" እትብል ተለላ ኢያ ኣብኡ ኣባጺሓትና። ኣነ እንዶ 'ኳ እኒሆኹን! ወረግ ኣብኡ ኸሎኹ ን ዓርከይ ቅዱስ ዝብሎ ኣሎኒ። "በይዛኻ…በይዛኻ ደዊልካ ን 'ዛ ደርፊ ኣይተሰምዓኒ።" እናሰማዕኻኒ "መን ኣሎ ዘይተመልሰ" እንትይብል'ሲ "ብዘይካና" ኣይበልኩን ድየ፤ "ብዘይካና" 'ኮ ብዙሕ ኢዩ። "ብዘይካና" 'ኮ መዓት ኢዩ። ዘዬብሎ 'ኮ የልቦን። ክንደይ ኢዩ ዚነግር!

ኣብኡ በጺሕና: እቱ "ሑመራ ክትወዒ ኢኺ ሓራ" ቢሉ ዝደረፈ ደራፋይ 'ውን ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ 'ሕተቶ…ሕተቶ' እመጻኒ። ገጽ ን ገጽ ተራኺብና "ሓራነት ከ መኣዝ 'ዩ ብ ዓይኒ ንጽጽር ኪረኣይ እተጀመረ፤" ምበልክዎ ኣይምመለሰለይን።

…

ኣካላት ዕሽል ከም 'ዙ ኸማይ ምስ ሓጺን ተላቲሞም: መሸከሉ ዝኸፍአ: መረባ ዘዬፈልጥ ቀኦልዕነት ምስ ርኤኹ፣ ካልእ ዕሽል እትመስለኒ ሓፍቲ: እታ ድቃስ ኣዬመጻንን እትብለኒ ዓል ኣውሮራ ተምሃሪት ከ ዘበለትኒ "ከመይ ቢልና ንነብር ከም ዘሎና እገርመኒ ኢዩ፤"! ሻቡ 'ስ ኣነ 'ውን ሓቲተ ኢየ። ሓደ እቱ ተኸዲንናዮ ዘሎና ክዳን 'ሲ ንስኹም ፍንፉናት ኣይትኸደኑንን ቢሉ እንታይ ኰይኑ ኢዩ ዘዬሃድመና፣ክዳን እንታይ ኢዩ ኣዐጊሥዎ፤ ሕቶ ብጺተይ ኢዩ። ደፊረ ዶ ን ነፈሰይ ከጸናንዕ ደልየ እንድዒ "ዝኣኸለና ዓሪቕና እንዶ" ቢለ መሊሰዮ። "ጒልበት ምቕኑራጽ ተስፋ ሥጋዊ ህላዌና ኣኸሚቱሉ ዘሎ ሒሳብ: እንታይ ኢዩ" ቢለ 'ውን ደጊመ ሕቶ እዛ ዕሽል ተሓቲተ። "ኦ ጐይታ ተስፋ ዘይቈረጸ ተስፋ ምቕኑራጽ ዝዓደልካና ንሕና: እኒመን ኢና፤" ቢለ ጥራኅ ተኣንክሮይ ገዲፈ፥ ስልሒ ወግዐይ ንፓይታጐረሰይ ሓዲገሉ።

ዘይተሓነቕና ኸ እንታይ ኣ'ሰከፈና፤

ሙባእ! ዋጋ 'ቀ': ትንፋስ ምዕራብታይ ዓባይ ምስሊ 'ትርጕም ኣልቦነት' ኲይና ትስመዓኒ። ካብ ኪደተ-ለውጢ ዝተነጸለት ሕይወት ኣብ ትርጕም ኣልቦነት እኒሃ እንተብልና ዜሰክፍ የብሉን። ከንቱነት ተዋሪሥዋ፣ሰባዊ ናይ ምንባር ተበግሦኣ ተጸንቂቑ፣ ሞት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እቐትለኪ 'ለኹ ቢልዋ "እይኣይ…ኣምላኽ ሓሻዊ 'ዩ" ቢላ ትምጒት ዘላ ክሥተት ኢያ።

እቱ 'ኳ ን ሶሊናይ "ዘይኰነሉ ናፍቖት፣ ማምውቑ ዝሰኣነ ሕቑፊ፣ ረኺብካ ምስኣንን ሕስድን: ምትህርራፍ ፍቕሪ" ዝወለዶ ቢለ ብዛዕባኡ ዘዕልላ 'ባዶነት' ሥጋ ለቢሱ እረኣየኒ። ኣብ ዝተመንሀ ፣ጨረራት ዚዘርቅዎ ኬንዳ ኣጽሊሉ እረኽቦ።

ጆርጅ ፍሎይድ እሓስቦ። እተን ብብርኪ እግሪ እቱ ጻዕዳ ፖሊስ ተሓኒቑ እንከሎ ዘሕለፈን ህሞታት እንታይ ኰን ይመስላ፧ እንከይፈለጥክወን ከኣ: እዛ ዘይትድቅስ ቈልዓ ኸ ጸው እንትብል ለይቲ፣ኢድ ብኢድ ዝገጠመቶም ፍርሒታት ገዚኦምዋ፣ እትድቅሶ ጠፊእዋ እንከላ ዚህልዋ ሥቓይ 'ሲ ይመሳሰለን ዶ ይኾና፧ ን ሥቓይ ክልቲኦም'ሲ ብ እቶም ኣብ ሪምና ሓሚሞም እንከሎዉ "እመውት ኣሎኹ...እመውት ኣሎኹ" እናበሉ ይበኽዩ ዝነበሩ ሰብኣይ ዶ ይጥመራለይ ይኾና፧ እታ ኣነ ኣብ ክታብ ግጥምታተይ

" ኣነ ጥፍጣፍ ጸብርኺ ፥ ኣብ ጕልጕልኪ ዝዓቤኹ

ብደወይ ሞይተ 'የ ፥ 'ሓመድኪ ዘይደ'በየኒ ቢለ ዝበኼኹ።" ቢለ ዘንበርክዋ ጽሕፍተይ ከ፧

ድሕሪ ምድማር ኣብ  ቅንፍ ዘሎ ጾር ዋጋ 'ከ' ግን ን ኣእማን መቓብር ተሰኪምካ ምንባር ዜራብሕ ኢዩ። "ኣብ ድሕሪት እኒሀና: ክላሽን ከቢዱና" ቢሉ ዝገጠምኩ ጫሕጋራይ ነገረ እታ ደቒሳ ዘይትሓልም ጕርዞ ሓሲበ'ስ: ካልእ ሕልሚ ቀትሪ ዚሕልኑ ሕፃውንቲ ተለኪሞምለይ። እንካ 'ቱ ዘሎናዮ'ስ ሎሚ ንመውት ኣሎና ጥራሕ ኣይኰነን፤ እናሓደረ ኪቐትለና ኢዩ። "ዶክተር ክኾን ኢየ" ዚብል ሕፃን ኣይርኤኹን 'ሞ ኣእምሮይ ተጓዕጺጹ፣ተዓምጺጹ ሀሎ።

....

ኣብ ኣጋ ምስዮት ጕቦ ዓዲ-ጭዓይ: ን 'ዘን ጭሕመይ እናጠወይኩ፣ እምኒ ተደጊፈ፣ ኣዕይንተይ ጭንቍር ቢሎም ኣብ ሰልሚ ዝኽርታት ተረግሪገ: ን 'ታ "ዘይትምኖ ከም ኣዶ" ዝተብሃለላ ፀሓይ ኣጋምስዮት እናተጸለውኩ: እፈርሕ እስከፍ። ከም ኣንትራክቲካ ዝደረቐት፣ከውሒ ዝለበሰት፣ንሳ 'ውን  ከማይ ዝሓመቐት፣ ከይኣቶኽዋ መኣቱውቲ ዝኃለፈኒ ሠፈረይ: ኣብ እግሪ እታ ፀሓይ ዘላ ጌረ እሓስብ። እናርኤኽዋ፣ ከይመነኽዋ እትጠፍእ ዘላ እምበይተይ "ከም ኣዶ" ብ ሪኦ ትጠልመኒ።

እቱ 'ኳ ልምላመኡ'ስ ይትረፍ: ዓቐብነቱ ናብ ሕልናይ ብ ዓብዩኡ ዚምሰል ጸድፊ ቃቓ፣ናፍቖታተይ ተስፋታት ዚሓዝሉሉ ዝነበሩ ምዕላበይ: ዘይናተይ መሲሉ እናተሰምዓኒ ተሸጊረ ኢየ። ብኡነት! ሕፃንነት ቈቍሩብ ውነ ጌሩ ዝጐዩኹሉን ምስ ኣዕርኽተይ ናይ ኸብድና ዘዕለልናሉ ቍልቍለት፣ ዕንጨይቲ 'ታህሰስ' ዝኣረይኵሉ ሽርጓና ኣጓንዩኒ ኢዩ ቢለ ዶ ሓሲበ እንድዒ "ድፍረት ዋንነተይ" ክምንጥል ቀሪበ ኢየ። ረብ...ረብ ኢለ እምበር! ወ።

ሽዑ 'ምሥሓቕ ኣውራ' "መረበተይ: እታ ዓባይ ዳዕሮኺ: ብቈልዓይ 'ሙዚቃ ትሰምዕ' ኢያ 'ኳ ዝበሉኒ፣ ማይ ሿሪያኺ ፣ 'ቀጠልያኺ'፣ ሰውሕኺ: ኣይናተይን" ክብል እውታእታእ።

ክትልሞ ከሎኹ: ቅስመይ ሰቢሩ ኣብ ዝባን እምንቶ ሓሳባተይ ዚጫድር ነገረ ህላዌኣ ኣብ 'ዙይ ኰይነ ክሓስቦ ብ ምልኣት ኣዩገብረንን። የቌናጽቦም፣ የስተናእሶም፣እናስሠሓቐ ናብ ጸምጸም ይድርብዮም። ን ኽፍ'ኣታ ኪርዳእ ዚኽእል፣ ብ ቓንዛኣ ዚሓምም ኣእምሮት፣ ተሰቍሮትን ናይ ግብርታት ቈራጽነትን ኣዩብለይን ቢለ ስለዝስከፍ ድማ እደኽመኒ። ኣዒንተይ ፍርሒ ን ዝወረሮም ኣባይታ ከዩርእዩ ይፈርሑ። ኣእዛነይ ሐሕማቓታ ኪሰምዑ ኣዩድልድሉን። ኣእጋረይ እንከይቀረዩ ረው...ረው ይብሉታ። እታ ዝምክሓላ 'ሞ ትትረፍ፤ ኪድ እንተተብሃልኩ 'ኳ ዝስደደላ ዓዲ ኰይና 'ውን ትስመዓኒ! ዕርያ ድምርማራተይ ዋጋይ: ዋጋ "ጽራይ" ካብ 'ዛ ከብዲ ኢደይ ወዲ ሑመራነተይ ኢድ ብኢድ እምንጠል! ዕድልተይ እነቕፈኒ።

...

ግዜ በዓል ዘረይቲ ኣይከኣልናዮን 'ምበር: ወዲ ሑመራ ምኧን 'ኮ የሐንቅቕ ኢዩ። ኣብ ምብራቕ ን ዘሎዉ ቤተ-ሰበይ 'ሲ ከም "ዕንቀኣ" ትግራዋዮም ኢየ። ሥጋኹም ዋ! ብ ምንድብቲ ዓድኻ እተሰቈንቀኣን ሰብ ምኧንካ: ተሓዚኑልካ "ክትሕንቅቕ" ከሎኻ ግን: ዝኒሀዎ ሕሥረት ንበይኑ ኢዩ።

ይቕረየኒ በቃ! ሕርፍና ወሕንቅቕና: ይኣኽለኒ። "ወዲ ሑመራ" እንትበሃል: ነፍሰይ ብዕሩቑ ብ ጎሜት እንትምላእ ስኒት የብሉን ፧እሕሱ 'የ ዘሎኹ 'ዋ። ስለ 'ዚ ኸኣ እንሀሎኹ ሐዚ 'ውን ንሓተትተይን ን ባዕለይን ምስ ሴፋቶም: "እሺ ጐይቶተይ: ግን ኣነ ሰብ ኢየ" ቢለ እዕንቅጾም።

ግንቦት 2016 ዓመተ ግእዝ

መቐለ